# ኣመል ምስ መግነዝ

ትግራይ ኦንላይን Oct. 04, 2013

ኣመል ኮይኑዎ ቱቱላ ይምልምል ይነፍሕ

ወግሐ ፀብሕ ሓሶት ሓሰውቲ የባዝሕ

ንያቱ ላሽያ ማሓዉሩ መልሓሱ ዘይገንሕ

ጣቒዒት ለሚዱ ረሳሕ ባጫ እንትድርጉሕ

ለባም እንትልብም ንበይኑ ይሃስስ

ናብ ተስፋ እንትጉየ ንድሕሪት ይግስግስ

ታሪኹ ኣርሲሑ ታሪኽ እንዳማቱ ዝእልሽ

እምበርዶ ጥዕናእዩ እዙይስ

ግለስ ዝብሎ ዝቖበፀ ኣብ ወንበር በስቢሱ

ናይ ሓሶት ሊቅ በሊሕ መልሓስ ንኽብሩ ነጊሱ

ንሱ የባጭዎም ይሕጭጭ ንሳቶም ይበርሱ

ኣብ ናይሕልሚ ቃላይ ንባዶ ተስፋ ኣብባዶ ይሕምሱ

ወግሐ ፀብሐ ሓሶት ቅንጣብ ሂትለር

ንሓሶት ዝተፈጥረ ዓይኒሰብ ዘዐውር

መረብኡ ዘይፈለጠ ደረታት ይሰገር

ጃህረኛ ሓሳዊ ደም ማፅዩ ኣፅፅምቱ ዝሰብር

መንምኽኑ ዘይፈለጠስ

መን ምኽናያ ክነግረና

ንርትዒ ክሓስብ ዘይብሉ ስብእና

ግዜእንዳሰገሮ እንዳጓሓፎ ዝነብር ንዝና

ዝሕዞ ዝቖበፀ መራት ባዶ ገረወይና

ስሳ ዓመትኩም ኢሉና ዐድምኡ ገቢጡ

መፅሓፈ መሰሎኒ ግራዝያኒ ገላቢጡ

ማዓለኦም ከይስሕት ኣብዕርዶም ነቀኒጡ

ኣነእየ ክብል ኣነነት ከቲቡ ብደዉ በሸቂጡ

ኣየጋሸ ፕረዚደንት ዕድመ ምቑፃር ካብጀመርኩም

ክንደይከ ዕድመኹም

ኣበይ መፈጠርኩም

ታዋይ መንነትኩም

ንሕናያ ደቂስሳ ናይ ጥንቲ ንስኹም

ክብለናዩ ፍጡርሰብ ድሕረይ ተወሊዱ

ኣየሐሾን ዘሎ መሊሱ ገዲዱ

መታልሕቱ ትንኩፍ ዓይኑ ተጋሪዱ

ሰብ ዓዲ የጣይሽ ንሱ ከምታ ናይሳሕል ዓሪዱ

ወይ ትዕድልቲ

ክኢላ ተመራማሪ

ወናኒ ወምበር ኣማሓዳሪ

ሊቀሊቅ ተንታኒ

ጠራሪ ዓቃኒ

በረኸኛ ዘባኒ

ዓኾኻ ኣልሽ ዝብሎዶ ሳኣነ

ፍጡር ሰብ ከምጋዝ እንዳ በነነ

ንመሸጣ ኣካል ሰብወዲሰብ እንዳተሃድነ

ኡፎይ ከሊኡዎም ግዜ እንዳባኸነ

ወዮም መጣቓዕቲ ጡሩምባ ዝነፍሑ

ዓኻእንዳ ዐሸዎም ሕልፈቶም ዘይነቕሑ

ምንሻው ለሚዶም ኣብክንዲ ቁምነገር ዜሮየባዝሑ

ርእሶም ዘይጣዓየ ደኺ እግሮም ንርእሶም ገኒሑ

ቃታክስሕብ ኣይክእልን ይፈልጣ ታበትሪ

ሓሲኻ ውን ታሪኽ ኣይፅየቐ ታሪኽ ኣይዕሪ

ንሓሶት ሓሶት መሪፁ ሃላይ መጠበሪ

ግዜ ክገዝአሉ ንኽገዝእ ክነውሐሉ ዕምሪ

ብርሃነ

ኖርዌይ